


# ብሥራት

ሚያዝያ 2024 - ዓ.ም.ፌ ኅታም ቍ.175 ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ (Catholic Secretariat — Archeparchy Asmara)

## መልእኽቲ ብፁዕ
## ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
## በዓለ ትንሣኤ፡ ፳፯ ሚያዝያ ፳፻፲፮ 05 ሚያዝያ 2024
## “ብልዐይሲ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ ምግባር፡ ዕዮኡውን ምፍጻም እዩ”

ክቡር ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን እትነብር ሕዝበ እግዚኣብሔር፡

በዓለ ትንሣኤ ወይ ፋሲካ፡ እቲ ዝዓበየ ዓመታዊ በዓልና እዩ። ዋዜማ ናይ ዘመነ ፋሲካ ከምዝብሎ፡“እዛ ዕለት እዚኣ መዘከርታ ትንሣኤ መድኃኒና ስለዝኾነት ዓባይ ፋሲካ እያ እሞ ምስጋናን ንጹሕ ጸሎትን ነዕርግ ኣሎና። እግዚኣብሔር ኣቦ ንወዱ ዘተንሥኣላ ዕለት ስለዝኾነት ከኣ ብፍስሓን ብታሕጓስን በዓል ፋሲካ ነኽብር”። በዚ ምኽንያት ከኣ እኖና ቅድስቲ ቤተክርስትያን ነዚ ሓደ ጊዜ ኣብ ዓመት ብዓብይ ክብሪ እነብዕሎ ምሥጢረ ትንሣኤ፡ ሰሙን ሰሙን፡ ሰንበት መጸ እውን፡ ክንዝክሮን ከነብዕሎን ከምዝግብኣና ወትሩ ትምዕደናን ተተባብዓናን እያ። እታ ካብ ቀደም፡ መዓልቲ ጐይታ ተባሂላ እትጽዋዕ ዕለተ ሰንበት እምበኣር፡ ሰሙናዊት ፋሲካና ምኳና እያ። ስለዚ በዓለ ትንሣኤ፡ ክርስቶስ ንሞት ኣሸኒፉ፡ ሕያው ዝኾነሉ፡ ንሰይጣን ዝኣሰረሉ፡ ንኣና ሓራ ዘውጽኣሉ፡ ሓሶት ተሸኒፉ ሓቂ ዝጐልሓሉ፡ ሓዘን ተሪፉ ፍስሓን ሓጐስን ዝረኸብናላ፡ መዓልቲ ስለዝኾነት፡ ዓባይ መዓልቲ ዓወት መድኃኒናን ዓወትናን ኢያ። “ክርስቶስ ካብ ሞት ስለዝተንሥአ፡ ሎሚ ኣብ ሰማያት መላእኽቲ ይሕጐሱ፡ ንሕና ድማ ብታሕጓስን ብሰላምን በዓል ፋሲካ ነኽብር” ይብለና ካልእ መዝሙር ናይ ዘመነ ፋሲካ። ሳላ ትንሣኤ መድኃኒና ደቂ ትንሣኤ ኮይንና ኢና!!!



እዚ ዓብይ ፍስሓን ዓወትን ግን ብዙኅ መስዋዕቲ ዝተኸፍለሉ ምኳኑ ክንርስዕ የብልናን። እቲ ትንሣኤ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዘምጽኣልና ሓጐስን ፍስሓን፡ በቲ ምእንታና ኢሉ ዝተቐበሎ ናይ ሓሶት ክስን፡ ዝጸሮ ስቓይን ውርደትን፡ ስቕለትን፡ ሞትን እዩ መጺኡና። ቅዱስ ጳውሎስ ከምዝበሎ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ “ሰብ ብምኳን መልክዕ ባርያ ብምውሳድ ብገዛእ ፍቓዱ ንርእሱ ድኻ ገበረ። ንርእሱ ትሕት ብምባል ክሳብ ሞት፡ እረ እኳ ደኣ ክሳዕ ኣብ መስቀል ሙማት ተኣዘዘ። ስለዚውን ኣምላኽ፡ ልዕሊ ኲሉ ልዕል ኣበሎ፡ ልዕሊ ኲሉ ዝኾነ ስም ከኣ ሃቦ|”(ፊሊ. 2፡7-9)። ትሕትናኡን ተኣዝዞኡን እዩ ናብ ዝለዓለ ክብሪ ዘብጽሖ፡ ንኣና ከኣ ጸጋ ድኅነት ዘልበሰና። ፍቓድ ኣቦኡ ምፍጻም ቀሊል ከምዘይነበረ ግን በቲ ኣብ ጌተሰማኒ ዘቕረቦ ጸሎት ይርአ። ኢየሱስ ደም እናረሃጸ፡“‘ኦ ኣቦይ! ፍቓድካ እንተ ኮይኑስ ነዛ ጽዋዕ እዚኣ ካባይ ኣኅልፋ፡ ግናኸ ፍቓድካ ደኣ እምበር ፍቓደይሲ ኣይኹን’ እናበለ ጸለየ” (ሉቃ 22፡42)። በርቲዑኒ ኢሉ ኣየድሓርሓረን። እኳ ደኣ ፍቓድ ኣቦኡ ምፍጻም ልዕሊ እቲ ዕለታዊ ምድራዊ መግቢ ውን ይሰርዖ ነበረ። “እቶም ደቀ መዛሙርቱ ‘መምህር፡ ብላዕ’ ኢሎም ለመንዎ። ኢየሱስ ከኣ’ኣነስ ንስኻትኩም ዘይትፈልጥዎ ዝበልዖ መግቢ ኣሎኒ’ በሎም። እቶም ደቀ መዛሙርቲ ከኣ ንሓድሕዶም ‘ሰብ ዶኾን ገለ ዝብላዕ ኣምጺኡሉ ኮይኑ’ ተበሃሃሉ። ኢየሱስ ድማ ‘ብልዐይሲ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ ምግባር፡ ዕዮኡውን ምፍጻም እዩ’” (ዮሓ 4:31-34) በሎም። ኢየሱስ ግን ከመይ ጌሩ እዩ ንፍቓድ ኣቦኡ ክሳዕ ክንድዚ ዋጋ ዝሃቦ እንተብልና፡ “እቲ ዝለኣኸኒ ምሳይ ኣሎ። ኲሉ ሳዕ ባህ ዜብሎ ስለዝገብር ከኣ በይነይ ኣይኃደገንን እዩ” (ዮሓ 8፡29) ብምባል፡ ባዕሉ እቲ ዝለኣኾ ኣቦኡ ወትሩ ምስኡ ስለዝነበረ፡ ክእለትን ዓወትን ድማ ንሱ ከምዝህቦ፡ ንሓንቲ ደቒቕ ኣኳ ኣይተጠራጠረን።

እንተኾነ ከምቲ ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ዘይተረድኦም ንኣናውን ብቐሊሉ ኣይርድኣናን እዩ። እዚ ከኣ ሰብ ውሑድ እምነትን፡ ሰብ ድኹም ድልየትን ስለዝኾንና እዩ። እግዚኣብሔር ወትሩ ምሳና ከምዘሎ፡ ከምዝሓልየልና፡ ከምዘይሓድገና እንተነኣምን ከም መድኃኒና ርጉጻትን ተብዓትን ምኾንና ነቢርና።

መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብወገኑ፡ ፍቓድ እቲ ዝለኣኾ ኣቦኡን፡ ፍቓዱን ክንፍጽም ደጋጊሙ ምሂሩናን ብግብሪ ድማ ኣርእዩናን እዩ። ደቀመዛሙርቱ ጸሎት ምሃረና ምስ በልዎ፡ "ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፡ ስምካ ይቀደስ፡ መንግሥትኻ ትምጻእ፡ ፍቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማይ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን"(ማቴ 6፡9-10) እናበልኩም ጸልዩ በሎም። እዚ ከኣ"ፍቓድ እቲ ናባኻትኩም ዝለኣኸኒ ኣቦይ ምፍጻም ዕለታዊ መግበይ ዝኾነ፡ ዘለዓለማዊ ሕይወት እንተደሊኹም ፍቓድ እግዚኣብሔር ምፍጻም ንኣኻትኩምውን መዓልታዊ መግብኹም ክኸውን ኢዩ" ማለቱ እዩ። ደጊሙ ኢየሱስ"ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ዚገብር ደኣ እምበር፡ ጐይታይ! ጐይታይ! ዚብለኒ ኲሉ ናብ መንግሥተ ሰማያት ኣይኣቱን እዩ"፤(ማቴ 7፡21-23) ይብለና። ኣዲኡን ኣኅዋቱን ክደልዩዎ ምስ መጹ እውን ""ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ዚገብር ዘበለ ኲሉ ንሱ ኃወይን ኃውተይን እኖይን እዩ' ኢሉ ኢዱ ናብ ደቀ መዛሙርቱ ዘርጊሑ 'እኖይን ኣኅዋተይንሲ እነዉ'"(ማቴ 12፡48-50) ብምባል፡ ክርስትያናዊ ሕይወት መንፈሳውን ዘለዓለማውን ዝምድና እምበር፡ ሥጋዊ ዝምድና ቀዳምነት ከምዘይብሉ የረጋግጸና። በዚ ምኽንያት እዩ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብቲ ናብ ሰብ ፊልጵስዩስ ዝጸሓፎ መልእኽቱ፡ "እቲ ኣብ ክርስቶስ ዝነበረ ኣተሓሳስባ ኣባኻትኩም ይሃሉ። ንሱ ብባህርዩ ኣምላኽ እኳ እንተኾነ፡ ነቲ ምስ ኣምላኽ ዝነበሮ ማዕርነት 'ኣይገድፍን' ኢሉ ኣይተኸራኸረን። እንተኾነ ሰብ ብምዃን መልክዕ ባርያ ብምውሳድ፡ ብገዛእ ፍቓዱ ንርእሱ ድኻ ገበረ። ንርእሱ ትሕት ብምባል ክሳብ ሞት፡ እረ እኳ ደኣ ክሳዕ ኣብ መስቀል ሙማት ተኣዘዘ" (ፊሊ 2፡5-8) ዝብለና። መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብፍቓዱ እዩ ነቲ ኲሉ ውርደትን ስቓይን ምእንቲ ፍቕርና ዝጸሮ። ንሕናውን ኣብዚ ዓለም ክሳዕ ዘሎና ብትሕትናን፡ ብትዕግሥትን ብቆራጽነትን ክንጐዓዝ ይግባእ።

ቅዱስ ያዕቆብ'ውን ኣብ መልእኽቱ፡ "ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ትሕት በሉ፡ ንሱውን ልዕል ከብለኩም እዩ" (ያዕ 4፡10) ብምባል ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ፍቓድ እግዚኣብሔር ንምፍጻም ከመይ ዝበለ መንፈሳዊ ኃይሊ ከምዘድልየና ይገልጸልና። ተኸታሊ ክርስቶስ ምዃን ጭቡጥን ተግባራውን ሕይወት እምበር ናይ ሓሳብን ሃረርታን ጥራይ ኣይኮነን። ባዕሉ መድኃኒና እውን "እተፍቅሩኒ እንተኮይንኩምሲ ትእዛዛተይ ክትሕልዉ ኢኹም"(ዮሓ 14፡15)ብምባል ፍቕርና ብግብሪ ከነርእዮ ይደሊ ። ቀጺሉውን፡ "ኣነ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እምበር ፍቓደይ ምእንቲ ኪገብር ኣይኮንኩን ካብ ሰማይ ወሪደ ዘሎኹ፡ ካብቶም ንሱ ዚሃበኒ ዘበሉ በታ ዳኅረይቲ መዓልቲ ከተንሥኦም እየ እምበር፡ ሓደኳ ኣይኪጠፍእን እዩ፡ እዚ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እዩ። ከመይ ንወልድ ርእዩ ብእኡ ዝኣምን ዘበለ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኪረክብ፡ ኣነውን በታ ዳኅረይቲ መዓልቲ ከተንሥኦ ፍቓድ ኣቦይ እዩ" (ዮሓ 6፡38-40) እናበለ ኣብኡ ዝኣምንን ንእኡ ዝኽተልን፡ ፍቓድ እቲ ዝለኾ እግዚኣብሔር ኣቦ ፈጺሙ ድኅነት ከምዝረክብ የረጋግጸና። እቲ "ሓደኳ ኣይክጠፍእን እዩ" ዝብል ዘጸናንዕ ቃላት ወትሩ ከተባብዓናን ተስፋ ክህበናን ኣለዎ። እግዚኣብሔር ኣምላኽና ብሓቂ፡ "ኲሉ ሰብ ኪድኅንን ናብ ፍልጠት ሓቂ ክመጽእን እዩ ዝፈቱ"(1ጢሞ 2-4)። ተኣዝዞ ማለት ፍቓድ እግዚኣብሔር ምፍጻም ማለት እዩ። ነዚ ናይ እምነት ፍቕርን ተኣዝዞ ክንፍጽም እንተኮይንና ግን ሓገዝ መንፈስ ቅዱስ የድልየና እዩ። "ትእዛዛቱ ከምቲ ንሱ ዝእዝዘና ገይርና ብስም ወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ክንኣምንን፡ ንሓድሕድናውን ክንፋቐርን እዩ። እቲ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ዝሕሉ፡ እግዚኣብሔር ኣብኡ ይነብር፡ ንሱውን ኣብ እግዚኣብሔር ይነብር። እግዚኣብሔር ኣባና ከምዝነብር ከኣ በቲ ዝሃበና መንፈስ ኢና እንፈልጥ" (1ዮሓ 3፡23-24)። "ምኽንያቱ እቶም ብመንፈስ ኣምላኽ ዝምርሑ ዘበሉ፡ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ እዮም"(ሮማ 8፡14) እግዚኣብሔር ኣምላኽና ርኅሩኅን መሓርን ስለዝኾነ፡ "ኣብ ቅድሚኡ ቅዱሳንን መንቅብ ዘይብሎምን ምእንቲ ክንከውን ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ኃረየና። ዕዮኡውን ምፍጻም እዩ"….. ስለዘፍቀረናን፡ ጽቡቕ ፍቓዱን መደቡን ስለዝነበረን ከኣ ንርእሱ ዉሉድ ክንኮኖ ብኢየሱስ ክርስቶስ ቀደም መደበና" (ኤፌ 1፡4-5)። መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ነዚ ናይ ድኅነት መደብ ከበሥረና እዩ ናብዚ ዓለም ዝመጸ። እግዚኣብሔር ሓቂ ብርእሳ እዩ።"እቲ ዝለኣኸኒ ግና ሓቂ እዩ፡ ነቲ ካብኡ ዝሰማዕክዎ ከኣ ንዓለም እነግሮ ኣሎኹ"(ዮሓ 8፡26)። ንባዕሉውን፡ ብዘየማትእ ቃላት ከኣ፡ "መንገድን ሓቅን ሕይወትን ኣነ እየ" (ዮሓ 14፡6) ብምባል ሓቀይና መንነቱ ገሊጹልና። ኣብ ወንጌል ዮሓንስ ኢየሱስ ንማርታ፡ "ትንሣኤን ሕይወትን ኣነ እየ፡ እቲ ብኣይ ዝኣምንሲ እንተ ሞተ እኳ ብሕይወት ክነብር እዩ" (ዮሓ 11፡25) ከምዝበላ ሎሚ'ውን ንነፍስ ወከፍና ይደግመልና ኣሎ። እቲ ካብ

በዓለ ትንሣኤ፡ ክርስቶስ ንሞት ኣሸኒፉ፡ ሕያው ዝኾነሉ፡ ንሰይጣን ዝኣሰረሉ፡ ንኣና ሓራ ዘውጽኣሉ፡ ሓሶት ተሸኒፉ ሓቂ ዝጐልሓሉ፡ ሓዘን ተሪፉ ፍስሓን ሓጐስን ዝረኸብናላ፡ መዓልቲ ስለዝኾነት፡ ዓባይ መዓልቲ ዓወት መድኃኒናን ዓወትናን ኢያ።

ሙታን ዘተንሥአ ክርስቶስ፡ ከመይ ጌርካ ንስዕረት ናብ ዓወት እትለውጦ ብቃልን ብግብርን ኣርእዩና እዩ።“ፍረ ስርናይ ኣብ ምድሪ ወዲቓ እንተዘይሞተት በይና እያ እትነብር። እንተሞተት ግና ብዙኅ ፍረ ከም እትፈሪ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ” (ዮሓ 12፡ 24-27) ይብለና። ብዘይ መስዋዕቲ፡ ብዘይ ተጋድሎ፡ ዓወት ኣይርከብን እዩ። ስለዚ ንሕናውን ኣሰር መድኃኒና ተኸቲልና ፍቓድ ኣምላኽና ንምፍጻም ንኣንነትና ትዕቢትናን ክንገትእ የድሊ። እምነትና ኣብ ርእስና፡ ወይ ኣብ ንብረትና ዘይኮነ፡ ኣብ እግዚኣብሔር ክኸውን ኣለዎ። መጽሓፈ ምሳሌ ከምዝብሎ፡“ብምሉእ ልብኻ ብእግዚኣብሔር ተኣመን፡ ኣብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ። ኣብ ኩሉ ተግባርካ ንእግዚኣብሔር ሕሰብ፡ ንሱ ከኣ ነታ ቅንዕቲ መገዲ ክርእየካ እዩ” (ምሳ 3፡5-6)። “ኣብ ልቢ ሰብ ብዙኅ ሃቐና (ምንዮት) ኣሎ፡ ጸኒዑ ዚነብር ግና ፍቓድ እግዚኣብሔር እዩ” (ምሳ 19፡21)።

ብርግጽ ፍቓድ እግዚኣብሔር እንታይ ምዃኑ ኩሉ ጊዜ ብቀሊሉ ክንርድኦ ኣይንኽእልን ኢና። መዓልቲ መጸ ከብርሃልና፡ መንገዱ ከርእየና ክንልምኖ ኣድላይ እዩ። ቅዱስ ያዕቆብ “ሓደ ካባኻትኩም ጥበብ ዝጐደሎ እንተሎ፡ ነቲ ‘ንስኻ ከምዚ እንዲኻ’ ከይበለ ንኹሉ ብልግሲ ዚህብ ኣምላኽ ይለምኖ። ንሱውን ክህቦ እዩ”(ያዕ 1፡5) ይብለና። ፍቓድካ ይኹን፡ ምባል ቀሊል ኣይኮነን። ብእምነት፡ ብተስፋ፡ ብፍቕሪ እንተተሰንዩ ግን ባዕሉ ጐይታ ከኽእለና እዩ። ናብ ዕብራውያን ዝተጻሕፈ መልእኽቲ “ቅጽዓት ዘበለ መሪር እዩ። ንጊዜኡውን ሓጐስ ዘስዕብ ኣይመስልን እዩ፡ ንዳኅራዩ ግና ነቶም ብእኡ ዝኃለፉ ሰላምን ጽድቅን እዩ ዚፈርየሎም” (ዕብ 12፡11)ይብል። ቅዱስ ጳውሎስ ንሰብ ፊልጵስዩስ፡“ድሌትኩም ዘበለ ብጸሎትን ልመናን ምስ ምስጋና ኣብ ኣምላኽ ይፈለጥ እምበር፡ ብገለ እኳ ኣይትጨነቑ። እቲ ንኩሉ ምርዳእና ጸብለል ዚብል ሰላም ኣምላኽ ድማ ንልብኹምን ሓሳብኩምን ብክርስቶስ ኢየሱስ ገይሩ ኪሕልዎ እዩ” (ፊሊ 4፡6-7) ከምዝበሎም ንኣናውን ዘጸናንዕ ቃላት የስምዓና ኣሎ። ሳላ እቲ ንሞት ዝሰዓረ ክርስቶስ፡ ድሕሪ ዓርቢ ስቕለት በዓለ ትንሣኤ ኣሎ፡ ድሕሪ ጸልማት ብርሃን ኣሎ፡ ድሕሪ ጭንቂ ራህዋ ኣሎ። በዚ ምኽንያት ኢና ለይቲ ፋሲካ “ክርስቶስ ተንሥአ እሙታን፡ በዓብይ ኃይል ወሥልጣን፡ ኣሰሮ ለሰይጣን፡ኣግኣዞ ለኣዳም፡ ሰላም እም ይእዜሰ፡ ኮነ ፍስሓ ወሰላም” እናበልና ንጭርሕ። ዓወት ክርስቶስ ዓወትና ከምዝኾነ ኣይንጠራጠር።“ክርስቶስ ካብ ሙታን ተንሥአ፡ በዚ ከኣ ናይቶም ዝሞቱ ቦኽሪ ትንሣኤ ኮነ። ስለዚ ከምቲ ሞት ብሓደ ሰብ ዝመጸ፡ ከምኡ ከኣ ትንሣኤ-ሙታን ብሓደ ሰብ እዩ ዝመጸ። ከምቲ ኩላቶም ብኣዳም ዝሞቱ፡ ከምኡ ድማ ኩላቶም ብክርስቶስ ሕያዋን ክኾኑ እዮም”(1ቆሮ 15፡20-22)።

ብርግጽ ፍቓድ እግዚኣብሔር እንታይ ምዃኑ ኩሉ ጊዜ ብቀሊሉ ክንርድኦ ኣይንኽእልን ኢና። መዓልቲ መጸ ከብርሃልና፡ መንገዱ ከርእየና ክንልምኖ ኣድላይ እዩ። ቅዱስ ያዕቆብ “ሓደ ካባኻትኩም ጥበብ ዝጐደሎ እንተሎ፡ ነቲ ‘ንስኻ ከምዚ እንዲኻ” ከይበለ ንኹሉ ብልግሲ ዚህብ ኣምላኽ ይለምኖ። ንሱውን ክህቦ እዩ”(ያዕ 1፡5)ይብለና። ፍቓድካ ይኹን፡ ምባል ቀሊል ኣይኮነን። ብእምነት፡ ብተስፋ፡ ብፍቕሪ እንተተሰንዩ ግን ባዕሉ ጐይታ ከኽእለና እዩ።

---

ሳላ እቲ ንሞት ዝሰዓረ ክርስቶስ፡ ድሕሪ ዓርቢ ስቕለት በዓለ ትንሣኤ ኣሎ፡ ድሕሪ ጸልማት ብርሃን ኣሎ፡ ድሕሪ ጭንቂ ራህዋ ኣሎ።

---

ሕስብ ውዒልና፡ ሕስብ ሓዲርና ዘይኮነ ኣብ መጨረስታኡስ ከም ቅዱስ ቶማስ ሓዋርያ ኣብ እግሪ እቲ ተሰቒሉ ሞይቱ ተቐቢሩ፡ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ሙታን ዘተንሥአ፡ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ፍግም ኢልና፡ “ጐይታይን ኣምላኸይን!” እናበልና እምነትና ምሕዳስ ጥራይ እዩ ዝግባእ። ጐይታ ከኣ፡“እቶም ከይረኣዩ ዝኣምኑ ብፁዐን እዮም”(ዮሓ 20፡29) ኢሉዎ እዩ እሞ እንተኣሚናን ፍቓዱ እንተፈጺምናን ብሓቂ ዕዉታት ኢና።

ብዛዕባ ትንሣኤን፡ ፍቓድ እግዚኣብሔርን ምፍጻምን ክንዛረብን ከነስተንትንን ከሎና፡ ምስቲ ወሰን ዘይብሉ፡ ጥልቂ ዝኾነ፡ ምሥጢር እምነትና ኢና ንቃለስ። በዚ እዩ ኢሳይያስ ነቢይ እውን ኣቐዲሙ፡“እግዚኣብሔር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ‘ሓሳባተይ ከም ሓሳባትኩም ኣይኮነን፡ መገድታትኩም ከኣ ካብ መገድታተይ ፍሉይ እዩ። ከምቲ ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ዚብል፡ መገድታተይ ካብ መገድታትኩም፡ ሓሳባተይ ከኣ ካብ ሓሳባትኩም ልዕል ዘበለ እዩ” (ኢሳ 55፡8-9) ብምባል ኣተሓሳስባናን ኣረኣእያንን ካብቲ ናይ ልዑል ኣምላኽና ኣዝዩ ከምዝፍለ ዝገልጸልና። ስለዚ ሕስብ ውዒልና፡ ሕስብ ሓዲርና ዘይኮነ ኣብ መጨረስታኡስ ከም ቅዱስ ቶማስ ሓዋርያ ኣብ እግሪ እቲ ተሰቒሉ ሞይቱ ተቐቢሩ፡ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ካብ ሙታን ዘተንሥአ፡ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ፍግም ኢልና፡ “ጐይታይን ኣምላኸይን!” እናበልና እምነትና ምሕዳስ ጥራይ እዩ ዝግባእ። ጐይታ ከኣ፡“እቶም ከይረኣዩ ዝኣምኑ ብፁዐን እዮም”(ዮሓ 20፡29) ኢሉዎ እዩ እሞ እንተኣሚናን ፍቓዱ እንተፈጺምናን ብሓቂ ዕዉታት ኢና። ወትሩ ፍቓድ ኣምላኽና እንፍጽመሉ ጸጋታት የብዝሓልና። ትንሣኤከ ለእለ ኣመነ፡ ብርሃንከ ፈኑ ዲቤነ”፡ ኣብ ትንሣኤኻ ንዝኣመንና፡ ብርሃንካ ፈንወልና ንበሎ። ኣማን በኣማን፡ ክርስቶስ ተንሥአ እምነ ሙታን! ቡሩኽ በዓለ ትንሣኤ ይግበረልና።

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ሊቀ-ጳጳሳት ዘበኣሥመራ

# ኣብ እምነትኩም ጽንዑ! ሓድነትኩም ዓቅቡ!!

**ጸብጻብ ሓውጾተ ኖላዊ**

*ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ዘመንበረ ኣሥመራ ኣብ ኣመሪካን ካናዳን*

## 1.<u>መእተዊ</u>

ኣብ መልእኽታት ቅዱስ ጳውሎስን ግብረ ሓውርያትን ከም እነንብቦ፡ ሓዋርያ ጳውሎስ ናብተን ዝተፈላለያ ማኅበራት ምእመናን ብእግርን ብመራኽብን እናተጓዕዘ ብምብጻሕን፡ ብመልእኽትታቱን ነተን ማኅበራት ይምህር፡ የተባብዕን ይጓስን ምንባሩ ንርኢ. (ሮማ 1፡1-15 ረአ)። ንኹሉ እቲ ዝገበሮ ጉዕዞ ብካርታ ዘርኢ ጽሑፋት'ውን ክንደይ ነዊሕ፡ ኣድካምን ፈታንን ጉዕዞታት ምንባሩ ይገልጹልና። ንሓዋርያት ተኪኦም ዝመጹ ኣርእስተ ሊቃነ ጳጳሳትን ጳጳሳትን'ውን ብመሰረት እቲ ቤተክርስቲያን ኣብ ሕገ ቆኖናኣ ኣስፊራቶ ዘላ፡ ሃለዋት ምእመናንን ኩነታት ስብከተወንጌልን ንምክትታል፡ በብእዋኑ ሓውጾተ ኖላዊ ይገብሩ እዮም። ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ'ውን ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ብቀጻሊ ካብ ዝገብርዎ ሓዋርያዊ ስርሖም ሓደ ኢዩ። ናይ ሎም ዘመን ፍልይ ዝብሎ፡ ብዙሕ ግዜ ኣብ ጾመ ኣርብዓ ክገሹ'ኳ ዘይመርጹ እንተኾኑ፡ ኣብዚ እዋን እዚ እሞ ከኣ፡ ኣብ ሓደ ቦታ ወይ ከባቢ ዘይኮነስ፡ ኣብ ብዙሕ ቦታታትን ንነዊሕ ግዜን ሓደ ዓቢይ “ኣብ እምነትኩም ጽንዑ! ሓድነትኩም ዓቅቡ” ዚብል መልእኽቲ ሒዞም ብምንቅስቓሶም ኢዩ። ኣብዚ ካብ 26 ለካቲት ክሳዕ 26 ሚያዝያ ንክልተ ወርሒ ምሉእ፡ ብዘይ ዕረፍቲ ብመካይንን ነፈርትን ዝገበርዎ ዑደት ከኣ ን17 ቊምስናታት (ከተማታት) በጺሖም። ሃለዋት ካቶሊካውያን ምእመናን ዘሥርዓተ ግዕዝ ሃገርና ብምፍላጥ፡ ንሕዝብና ናይ መስዋዕተ ቅዳሴን ኣስተምህሮታትን መደባት ብምስላጥ፡ ምስ ቆሞሳትን ኣብያተ ምኽሪ ምእመናንን ከምኡ'ውን ምስ ጳጳሳት ናይተን ዝበጽሑወን ሰበኻታት ብምርኻብ፡ ንጉስነት ነፍሳት ብዝርኢ ኣኼባታትን ርክባትን ኣካይዶም። ኣብ ኩሉ ዝገበርዎ ምብጻሕ ኩሉ ስርሖም ብሓፈሻ ዕዉት ምንባሩ'ውን ገሊጾም። “ኩሉ ኣምላኽ ዝሓሰቦን ዝገበሮን ኢዩ። ብጸሎት ኩሎም ምእመናን ከኣ ብሰላም ከይደ ብሰላም ተመሊሰ” ቢሎም'ውን ስለቲ ኩሉ ኣምላኽ ዝገበረሎም ድማዕ ኣመስጊኖም። ኣብ መብዛሕቱ እቲ ዝኸድዎ ቦታታት ኣብ ደገ ዘሎዉ ሕዝብና “ናፊቕና!” እንኪብሉ፡ ብወገኖም ከኣ ንሕና ከኣ “ጸሚዩና!” ቢሎም ይምልሹ ነይሮም።

## 2. <u>ኣብ እምነትኩም ጽንዑ! ሓድነትኩም ዓቅቡ</u>!!

ብፁዕ ሊጳጳሳት ኣብቲ ንሥርዓት ግዕዝ ዚኽተሉ ካቶሊካውያን ምእመናን ዘዕረግዎ መስዋዕተ ቅዳሴታት ዘመሓላለፍዎ ጽኑዕ፡ ኣገዳስን እዋናውን መልእኽቲ፡ “ኣብ እምነትኩም ጽንዑ! ሓድነትኩም ዓቅቡ!!” ዚብል ኢዩ። ብፁዕ ሊጳጳሳት ናይ እምነትን ሓድነትን ትርጉም ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ እምነትካ ንምጽናዕን እምነትካ ንምብርባርን ሓሙሽተ ነገራት ከም ዘድሊ ብዝርዝር ገሊጾም። እተን ሓሙሽተ መሰረታውያን ነጥብታት፦

1.<u>ጸሎት</u>፡ ጸሎት ናይ እምነት ስራሕ ኢዩ። ዝጽሊ ይኣምን፡ዝኣምን ይጽሊ። እምበኣር እምነትና ኪበራበር ናይ ጸሎት ሰባት ንኹን።

2.<u>ቃል ኣምላኽ</u> ፡ ቅ. ጳውሎስ “. . . እምነት ካብ ምስማዕ ኢያ፡ እቲ ዚስማዕ ከኣ ቃል ክርስቶስ ኢዩ” (ሮማ 10፡17 ) ከምዚብሎ፡ እምነትና ክትዓቢ መዓልታዊ ቃል ኣምላኽ ከነንብብ፡ ከነስተንትን፡ ክንመሃር የድሊ። ብፍላይ ከኣ ኣብ ቅዳሴ ኣብቲ ቀዳማይ መኣዲ ናይ ቃል ኣምላኽ እዋን፡ ነቲ ዝንበብ ቃል ኣምላኽ ብምስትውዓል ክንከታተሎ ይግባእ።

3. <u>ምስጢራት</u>፡ ሣልሳይ ንእምነትና ዘበራብር ከኣ እቲ ኣብ ካልኣይ መኣዲ ናይ መስዋዕተ ቅዳሴ ዚቀርበልና ምስጢረ ቅዱስ ቊርባንን ንስሓን ኢዩ። ነቲ ንእምነትና ዚምግብ ሥጋሁ ወደሙ ብእምነት ክትቅበል ከኣ ብንስሓ ክትሕጸብ የድሊ።

4. <u>ሠናይ ግብሪ</u>፡ ቅ.ያዕቆብ “. . . እምነት ብዘይ ግብሪ ምውትቲ እያ” (1፡25) ከምዚብሎ፡ ንሕና ከኣ እምነትና ብግብሪ ዝትርጎም፡ ብጭቡጥ ዚረኣ ተግባራዊ እምነት ኪኸውን ኣለዎ። እቶም ኢየሱስ ዝመሃረና፡ ከነዘውትሮም ዘሎና ሸውዓተ ስጋዊ ናይ ምሕረት ስራሓት፡ ንዚጠመየ ምብላዕ፡ ንዚጸምኤ ምስታይ፡ንዚዓረቐ ምኽዳን፡ ንጋሻ ኣብ ቤትካ ምቕባል፡ ንዚሓመመ ምብጻሕ፡ ንዚሞተ ምቕባር እንኪኾኑ፡ እቶም ሸውዓተ መንፈሳዊ ናይ ምሕረት ስራሓት ከኣ ንዚተጠራጠረ ምምካር፡ ንዚደንቆረ ምምሃር፡ንዚኃጥኤ ምምዓድ፡ ንዚሓዘነ ምጽንናዕ፡ ንዚበደለካ ይቕረ ምባል፡ ንዚህውኽኻ ሰብ ምጻር፡ ምእንቲ ሕያዋንን ሙታንን ምጽላይ እዮም። እዚ ንገብር እንተኾይንና፡ እምነትና ይድልድል፡ ዘይንፍጽሞም እንተኾይንና ከኣ እምነትና ይደኽም።

5. <u>ሓድነት</u>፡ እዚ እቲ ካልኣይ ናይ መልእኽቶም ሓሳብ ኮይኑ፡ ነዚ ነጥቢ እዚ እንከብርሁ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ፡ ካቶሊካውያን ከምቲ ቅ.ጳውሎስ ኣብ 3ይ ምዕራፍ ናይ ገላትያን 4ይ ምዕራፍ ናይ ኤፈሶንን “ ንኢየሱስ ክርስቶስ ብምእማን ኩላትኩም ውሉድ ኣምላኽ ኢኹም። ከመይ ብክርስቶስ ዝተጠመቕኩም ዘበልኩም ንክርስቶስ ለቢስኩምዎ ኢኹም። ኩላትኩም ብክርስቶስ ኢየሱስ ሓደ ኢኹም እሞ፡ በዚ ኣይሁዳዊ ወይ ግሪካዊ የልቦን፡ በዚ ባርያ ወይ ጭዋ የልቦን። በዚ ወዲ ተባዕታይ ወይ ጓል ኣንስተይቲ የልቦን። ናይ ክርስቶስ ካብ ኮንኩም፡ ደጊም ዘርኢ ኣብርሃም፡ከምቲ

ተስፋ ወረስቲ ኢኹም” (33፡26-29)። ከምኡ’ውን “ከምቲ ንሓንቲ ተስፋ ዝተጸዋዕኩም፡ ሓደ ሰብነት፤ ሓደ መንፈስ ኣሎ፤ ሓደ ጎይታ፤ ሓንቲ እምነት፤ ሓንቲ ጥምቀት ኣሎ” (4፡4-5) ዚብለና ካቶሊካዊ ሓድነትና፡ ኣብ ግዚያዊ ጠቕሚ፡ ኣብ ዓሌት፡ ኣብ ዕርክነት ወይ ሥጋዊ ዝምድና ዝተመሥረተ ኣይኮነን። ኩላትና ብዘይ ፍልልይ ኣካል ክርስቶስ ኮይና ኢና። ሓደ ዚገብረና ከኣ ሓንቲ ቤተክርስቲያን፡




ሓደ ጎይታ፡ ሓንቲ እምነት፡ ሓንቲ ጥምቀት ስለዘሎና ኢዩ። እዚ ከኣ ነቓዕ ከይከፈትና፡ ንፋስ ከየእቶና፡ ከም ወትሩ ብጽንዓት ክንሕልዎ ዘሎና እዩ። ኢየሱስ “እነሆ ኣዴኻን ኣኅዋትካን ኪዛረቡኻ ደልዮም ኣብ ወጻኢ ቆይሞም ኣሎዉ” ምስ በልዎ “ ኣደይ መን እያ፡ኣኅዋተይሲ እንመን እዮም።. . . ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ዚገብር ዘበለ ኵሉ ንሱ ኃወይን ኃውተይን እኖይን እዩ” (ማቴ.1246-50) ከምዝበለ፡ ሓድነትና ኣብ ቅድሥቲ ሥላሴ ዝተመሥረተ ኢዩ። ካብታ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ዝተጠመቕናላ ዕለት ጀሚርና፡ ኣኅዋት ክርስቶስ፡ ኣባላት ሕዝበ እግዚኣብሔር፡ ወረስቲ መንግሥተ ሰማይ ኮይና ኢና። እዚ ሓድነት እዚ ክንሕልዎ ኣሎና።

ሓድነት ንክርስቲያን ምርጫ ኣይኮነን። ከምቲ እቶም ቀዳሞት ክርስቲያን፡ ኣብ ጸጽባሕ ኣብ ቤት መቕደስ ከየቓረጹ፡ ብኅብረት ጸኒዖም ዝእከቡ ዝነበሩ፡ኣብ ጸሎት ኣብ ሥርዓት ኣምልኾ፡ ኣብ ምሥጢራት፡ ኣብ ግብረ ሰናይ ሓቢርና ንንበር (ግ.ሓ 2፡43-47፡4፡32-34 ረኣ)። ነዚ ክንፍጽም ከኣ “ኅበነ ንኅበር በዘዚኣከ መንፈስ ቅዱስ” እናበልና ንጸሊ። ኅብረት ብሰብ ዘይኮነ ብመንፈስ ቅዱስ ኢዩ ዚመጽእ። ሓድነትና ካብ ቅድስቲ ሥላሴ ኢዩ ዚብገስ፡ምንባሩን ምሕላዉን ከኣ ናትና ግደ ይኸውን ኢሎም።

## 3. ምስ ቆሞሳትን ኣብያተ ምኽሪ ምእመናንን ዝተገብረ ኣኼባታት

ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ድሕሪ እቲ ሕዝቢ ኣብ ዝርከበሉ፡ መዓልታት ቀዳመ ሰንበት ብካህናት ናይቲ ቦታ ተሰንዮም፡ ንሕዝቢ ዘዕርጉዎ መስዋዕተ ቅዳሴ፡ ንሕቶታት ሕዝቢ ይሰምዑን ይምልሹን። ቅድሚኡ ወይ ድሕሪኡ ወይ ኣብ ካልእ ዝተፈልየ መዓልቲ ከኣ ምስ ቆሞሳትን ኣባላት ቤት ምኽሪ ምእመናንን ፍሉይ መደብ ብምስራዕ፡ ሃለዋት ምእመናን ብምስማዕ ንጉስነትን ምሕደራን ዝምልከት ኣኼባታት የካይዱ ነይሮም። ኣብዚ’ውን ንቆሞሳትን ኣባላት ቤት ምኽሪ ምእመናንን ዝሃብዎ ትምህርትን ኣባታዊ ማዕዳን ምኽርን ነይሩ። ሓፈሻዊ ትሕዝቶኡ ከኣ ብሓጺሩ እዚ ዚኸተል ኢዩ። ብዛዕባ ተልእኮ ምእመናን፡ ትምህርቲ ቤተክርስቲያን ንጹር ኢዩ። ቤተክርስቲያን ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ቤተክርስቲያን ብቍምስና ይኹን ብሰበኻ ደረጃ ቤት ምኽሪ ምእመናን ኪቐውም ተተባብዓና። ንተልእኮ ምእመናን ዝምልከት መምርሒ’ውን ትህበና እያ። ኣብዚ ንጹር ኪኸውን ዘለዎ ግን ኣባላት ቤት ምኽሪ “ኣማኻሪ” ተራ እምበር “ወሳኒ” ተራ የብሎምን። እዚ ግን ሓላፍነቶም ብትክክል ንምፍላጥ እምበር ኣበርክቶኦም ንምንእኣስ ኣይኮነን። ወዳእቲ ኣይኮኑን። ንሶም ንምእመናን ወኪሎም ክዋስኡ ከሎዉ፡ ካህን ከኣ ንቤተክርስቲያን ወኪሉ እዩ ዚሰርሕ። ስርሑ ብግቡእ ከካይድ ከኣ ቤት ምኽሪ ይሕግዝዎ። ቤት ምኽሪ ስርሖም ምምሕዳር ቊጠባ ወይ ምምሕዳር ሰብ፡ወይ ሞባእ ምእካብ ጥራሕ ኣይኮነን፡ ብዕሙቕ ዝበለ መንገዲ ክንርእዮ ከሎና፡ ካብኡ ዝዓቢ ኢዩ። ኣርባዕተ ቀንዲ ስራሕ ኢዩ ዘለኩም።

1ይ.ብሥራት ስብከተወንጌል፡ እምነትና ከመይ ኣሎ፤ ሰብ ቤተክርስቲያን ይመጽእዶ፤ ትምህርተ ክርስቶስ ከመይ ኣሎ፤ ቃል እግዚኣብሔር ከመይ ይመሓላለፍ ኣሎ ምክትታል።

2ይ ሊጡርግያ፡ ነቲ ብቓል እግዚኣብሔር ዝተኣከበ ሕዝቢ ኣብ ግብረ ኣምልኾ ክሳተፍ ምሕጋዙ። ሕዝቢ ኣብ መስዋዕተ ቅዳሴ፡ንባባት፡ መዛሙር፡ መቊጸርያ፡ ስግደት ብጽቡቕ ኪሳተፍ ናትኩም ግደ ዓቢይ እዩ።

3ይ ሓድነት፡ ነቲ ብቓል እግዚኣብሔር ዝተጸውዐ (ኣቅለስያ) ኣብ ኣምልኾ ከኣ ዝተጸምደ ሕዝቢ፡ ሓቢሩ ከምዝነዓዝን ከም ዝነብርን ምግባር፡ ንስኻትኩም ናይ ኅብረት/ሓድነት ሓዋርያት ክትትኮኑ የድሊ።

4ይ.ኣገልግሎት (Diakonia) ኵሉ ግዜ ኣብ ኣገልግሎትኩም ትሕትና ይሃልኩም። ብትሕትና ኣገልግሉ። ንድኻታት ኣይትረስዑ። ንወንጌል ብተግባር ንበርዎ። ተገልግሉ ኣለኹም፡ ደሞዝ የብልኩምን፡ ዓስቢ ግን ካብ ኣምላኽ ኣሎኹም። ነዚ ዝተጠቕሰ ኣርባዕተ ስራሕኩም ብጽቡቕ ክትፍጽሙን ስሙር ጉዕዞ ክህልወኩምን ከኣ ካልእ

ኣርባዕተ ነጥብታት የድልየኹም።

1. ሓቢርኩም ጸልዩ፣
2. ሓቢርኩም ተመሃሩ፣ ሓቢርኩም ኣጽንዑ፣
3. ሓብርኩም ስርሑ፣ ናይ ምትሕብባር መንፈስ ይሃልኩም፣
4. ሓቢርኩም ተዘናግዑ፣ ንሓድሕድኩም ህያባትኩም ክትፋለጡን ክትተሓጋገዙን ይሕግዘኩም ኢዩ።

## 4.<u>ዝተፈላለየ ርክባት ምስ ሰበስልጣን ቤተክርስቲያን</u>

ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ብዘይካ'ቲ ምስ ቆሞሳት፣ ምስ ሕዝብን ኣብያተ ምኽርን ዝገብርዎ ዝነበሩ መደባት፣ ብጉዳይ ጉስነት ምእመናን ማለት ንዘለዎም ዝተፈላለየ ጸገማትን፣ ካብቶም ናይቲ ቦታ ጳጳሳት ክረክብዎ ዚግባእ ሓገዝን ጉስነት ንምዝታይ'ውን ምስ ናይ ሓያሎ ሰበኻታት ጳጳሳት ብቆጸራታት ተራኺቦም ዘትዮም፣ ዘድሊ ምርድዳኣት ገይሮም ኢዮም።ነዚ ነዊሕን ኣድካምን ግን ከኣ ዕዉት ሓውጾተ ኖላዊ ብጥርንፍ ዝበለ መንገዲ ንምርድኡን፣ ነቲ ኣብ በቦታኡ ዝተገብረ ስራሓትን ዕለታትቱን ኣብዚ ዚስዕብ ሰሌዳ ንመልከት።

| ዕለት | ሓውጾተ ኖላዊ ዝተገብረሉ ቦታ | ኣብቲ ቦታ ዝርከቡ ቆሞስ/ ኣገልጋሊ | ተግባር | ገምጋም/ስራሕ |
|---|---|---|---|---|
| 26 ለካቲት | - | - | ንቅሎ ንሮማ | 27 ለካቲት ሮማ ኣትዮም |
| 01 መጋቢት | ቅ. መንበር ቫቲካን | - | ኣኼባ ኣርባዕቲኦም ጳጳሳት ሃገርና | ኣገዳስን ሃናጽን ርክብ ኣካይዶም። |
| 02 መጋቢት (ቀዳም) | ደብረ ቅዱስ ሚካኤል ዓዲ እንግሊዝ | ኣባ ሰሎሞን ተ/ሚካኤል (ካህን ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ) | ጉዕዞ ንበርሚንግሃም -ዓዲ እንግሊዝ፣ መስዋዕተ ቅዳሴ ምስ ሕዝቢ ኣዕሪጎም። ምስ ተሓጋጋዚ ጳጳስ ዘትዮም | • ብዙሕ ሕዝቢ ብቆሞስ ተሰንዩ ብጽቡቕ ተቀቢሉዎም፣ ንሕቶታት ሕዝቢ መሊሶም። |
| 03 መጋቢት (ሰንበት) | ደ.መድኃኔ ዓለም ሎንደን | ኣባ ኤፍሬም ዓንዶም (ካህን ሰበኻ ሎንደን) | • መስዋዕተ ቅዳሴ ምስ ሕዝቢ ኣዕሪጎም • ሓገዝ ንሰበኻ ባረንቱ ተኣኪቡ (ኣቐደሙ ዝተሰርዐ መደብ) | • ቃል እግዚኣብሔር ኣስሚዮም<br>• ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ንኣይ ከም ዝተዋህበ'ዩ ቢሎም ኣተባቢዖም ኣመስጊኖም። |
| 04 መጋቢት | ሎንደን | | • ቆጸራ ምስ ተሓጋጋዚ ጳጳስ ሎንደን | ካቶሊካዊ መኣዲ ሕውነት “Catholic fraternity banquet” ዝተሰምየ መደበር መራኸቢ ብዙኃን ናብ ተለቪጅን ዝዓብየሉ መንገዲ ምስ ጳጳስ ሰበኻ ዘትዮም። |
| 05 መጋቢት | | | • ምብጻሕ ናብ ምስ ቤተክርስትያን ሃገርና ዝተሓጋገዝ ቤ/ጽ CAFOD | |
| 06 መጋቢት | ደ.ኪዳነ ምሕረት ቶሮንቶ- ካናዳ | ኣባ ክፍለማርያም ገ/ክርስቶስ (ካህን ሰበኻ ሰገነይቲ) | | ቆሞስ ምስ ቤት ምኽሪ ምእመናን ተቀቢሎምዎም። |
| 07መጋቢት | ደ.ቅዱስ ዮሴፍ ኪችነር | ኣባ ሙሴ ኣብርሃም (ኮምቦናዊ) | ምስ ሕዝቢ ብፍላይ መንእሰያት ተራኺቦም። | ኪችነር ጽቡቕ ስራሕ ዝርከበሉ ቦታ'ዩ። |
| 08መጋቢት | ሃሚልቶን | | ምስ ጳጳስ ሃሚልቶን ተራኺቦም ዘትዮም | |
| 09መጋቢት | ደ.ቅዱስ ዮሴፍ ኪችነር | | መስዋዕተ ቅዳሴ ምስ ካብዚ ከተማን ከባቢኡን ዝመጸ ብዙሕ ሕዝቢ | ድሕሪ ቅዳሴ ዘተ ምስ ሕዝቢ |
| 10መጋቢት | ደ.ኪዳነ ምሕረት ቶሮንቶ- ካናዳ | | ካብ ኪቺነር ናብ ቶሮንቶ ተመሊሶም፣ ቅዳሴ ምስ ሕዝቢ ኣባ ጳውሎስ ፍስሃየ፣ ኣባ ተኽለማርያም ኣሰንዮምዎም ቀዲሶም። ኣብ ኣዳራሽ ብሕቶን መልስን ምስ ምእመናን ዘትዮም። | |
| 11መጋቢት | ቶሮንቶ | | ምስ ሊቀ ጳጳሳት ቶሮንቶ ተራኺቦም ዘትዮም። | |
| 12መጋቢት | ቶሮንቶ | | ምስ ንስደተይናታት ዝሓልዩ ተሓጋጋዚ ጳጳስ ተዛትዮም፣ ምርጫታት ቦታ ኣምልኾ ኣቕሪቦምሎም። | |
| 13መጋቢት | ቅ.ያዕቆን ዩስጢኖስ ኦታዋ ካናዳ ብመኪና ምስ ኣባ ክ/ማርያም ገ/ክርስቶስ | ኣባ ዮሴፍ ተምንዎ (ካህን ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ) | | ቆሞስን ቤት ምኽሪ ምእመናንን ተቐቢሎምዎም። |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 14መጋቢት | ኦታዋ<br>( ርእሰ ከተማ ካናዳ ) | - | ምስ ጳጳስ ኦታዋ ተራኺቦም | ነዊሕ ኣኼባ ምስ ቤት ምኽሪ ምእመናን |
| 15 መጋቢት | ደብረ ማርያም ኣደ ክርስትያን ሞንትሪያል<br>(ጉዕዞ ብመኪና) | ኣባ ሙሴ ዘርኣይ ካህን ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ | | ቆጸራ ምስ ሊቀጳጳስ ሞንትሪያል |
| 16 መጋቢት<br>(ቀዳም) | ሞንትሪያል | | ናይ ኤርትራውያንን ኢጣልያውያንን ቅዳሴ ብሓባር | ድራር ብሓባር |
| 17 መጋቢት<br>(ሰንበት) | ንኦታዋ ተመሊሶም | | ንሕዝቢ ቀዲሶም<br>መደብ ሕቶን መልስን፤ ዘተን | |
| 18 መጋቢት | | | ቆጸራ ምስ ሓዋርያዊ ልኡኽ ቅድስቲ መንበር | ናይ ምሳሕ ዕድመ |
| 19 መጋቢት | ደ.ቅ.ማርያም<br>ኤድሞንቶን<br>(ምብራቕ ካናዳ)<br>ጉዕዞ ብነፋሪት | ኣባ ተስፋዝጊ ወልዱ<br>(ካህን ሰበኻ ከረን) | ቆሞስ ምስ ሕዝቢ ተቐቢሎምዎም። | ብስም ካርዲናል ኒውማን ዝጽዋዕ ዘርኣክህነት ናይ ሓሙሽተ ሰበኻታት በጺሖም። ኣብኡ ኽኣ ር.ሊ.ጳ.ፍራንቸስኮስ ኣብ ዘዕረፉላ ክፍሊ ኣዕሪፎም። |
| 20 መጋቢት | ኤድሞንቶን | | ቆጸራ ምስ ሊቀጳጳስ ኤድሞንቶን | |
| 21 መጋቢት | | | ኣኼባ ምስ ቤት ምኽሪ ምእመናን ኤድሞንቶን | |
| 22 መጋቢት | | | | ኣኼባ ምስ ምእመናን |
| 23 መጋቢት | | | መስዋዕተ ቅዳሴ፤ መደብ ዘተ ምስ ሕዝቢ | |
| 24 መጋቢት | ደብረ ቅድስቲ ሥላሴ ካልጋሪ | ኣባ ተወልደ ጳውሎስ<br>(ካህን ሰበኻ ካልጋሪ) | ቅዳሴ ምስ ሕዝቢ መደብ ሕቶን መልስን | |
| 25 መጋቢት | ካልጋሪ | | ኣኼባ ምስ ቤት ምኽሪ ምእመናን | |
| 26መጋቢት | | | ኣኼባ ምስ ጳጳስ ካልጋሪ | |
| 27 መጋቢት | ደ.ማርያም ቍስቋም ኦክላንድ ኣመሪካ<br>ጉዕዞ ብነፋሪት | ኣባ ገብርኤል ወልዳይ<br>(ካህን ሰበኻ ከረን) | | ሰሙነ ሕማማት ላቲን፤ ቆጸራ ምስ ኣቡን ሰበኻ |
| 28መጋቢት | ኦክላንድ | | ኣኼባ ምስ ቤት ምኽሪ ምእመናን | |
| 30 መጋቢት | ኦክላንድ | | መስዋዕተ ቅዳሴ ምስ ሕዝቢ | ድሕሪ ቀትሪ ጉዕዞ ናብ ሎስ ኣንጀሎስ ብነፋሪት |
| 31 መጋቢት | ደብረ ኪዳነ ምሕረት ሎስ-ኣንጀሎስ | ኣባ ተስፋልደት ተኪኤ<br>(ካህን ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ) | መስዋዕተ ቅዳሴ ንምእመናን ሎስ ኣንጀሎስን ሳንዲያጐን | ኣባ ሚካኤል ገ/ሔር፡ ኣባ ተስፋልደት ኣስጐዶም፡ ኣባ ተስፋልደት ተኪኤ ኣሰንዮምዎም ምስኦም ቀዲሶም። 8 ቆልዑ ሜሮን ተቐቢኦም። |
| 1 ሚያዝያ | ሎስ-ኣንጀሎስ | | ምብጻሕ ማሕበር ኮምቦኒ | |
| 2 ሚያዝያ | | | ኣኼባ ምስ ቤት ምኽሪ ምእመናን | |
| 3 ሚያዝያ | ደብረ መድኃኔ ዓለም ሻርሎት<br>ጉዕዞ ብነፋሪት (ብወገን ምስራቕ) | ኣባ ሚካኤል ሰሎሞን (ካህን ሰበኻ ባረንቱ) | ንብፁዕ ሊቀጳጳሳት ምእመናን ተቐቢሎምዎም። | |
| 4 ሚያዝያ | ሻርሎት | | ኣኼባ ምስ ቤት ምኽሪ ምእመናን | |
| 5 ሚያዝያ | | | ርክብ ምስ ጳጳስ ሻርሎት | |

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 6 ሚያዝያ | ሻርሎት | | መስዋዕተ ቅዳሴ ምስ ሕዝቢ ሻርሎትን ከባቢኡን | ጉዕዞ ብኣየር ናብ ኣትላንታ |
| 7 ሚያዝያ | ደብረ ኪዳነ ምሕረት ኣትላንታ | ኣባ ኪዳነ ሓድጉ (ካህን ሰበኻ ዓዲ ግራት) | ቅዳሴ ምስ ሕዝቢ። መደብ ዘተ ምስ ሕዝቢ(ሕቶን መልስን) | 9 ቆልዑ ሜሮን ተቀቢኦም |
| 8 ሚያዝያ | | | ኣኼባ ምስ ቤት ምኽሪ ምእመናን | |
| 9 ሚያዝያ | | | •መስዋዕተ ቅዳሴ ንኽብረ ድንግል ማርያምን ቅዱስ ኣንጦንዮስ ን<br>•መግለጺ ብዛዕባ "ስኢለ ተኣምኖ" | |
| 10 ሚያዝያ | ደብረ መድኃኔ ዓለም ኣርሊንግቶን | ኣባ ሓጎስ ተ/ጋብር ማሕበር ቅ. ሓና | ቆሞስ ምስ ቤት ምኽሪ ምእመናን ተቐቢሎሞም። | |
| 12 ሚያዝያ | ቅዱሳን ሓዋርያት ኮሌጅን ሰሚናርዮን ክሮምዌል- ኮነክትካት | | ርክብ ምስ ሓለፍትን መማሃራንን ተማሃሮን ቅዱሳን ሓዋርያት ዘርኣ ክህነትን ኮሌጅን | • ናይ ምስጋና መስዋዕተ ቅዳሴ<br>• ብዛዕባ እቲ እዚ ቤት ትምህርቲ ዝህቦ ማህደረ ትምህርቲ ንሓለፍትን መምህራንን ኣመስጊኖም። ብዛዕባ መጻኢ ዕድላት'ውን ምስ ሓለፍቲ ዘትዮም |
| 13 ሚያዝያ | ኣርሊንግቶን (ቨርጂንያ) | | ምስ ምእመናን ዘሰርዓተ ግእዝ ቀዲሶም | • ካብ ከባቢ'ውን ብዙሕ ሕዝቢ መጺኡ ሕቶን መልስን ዘተን ተኻይዱ። |
| 14 ሚያዝያ | ኣርሊንቶን (ቨርጂንያ) | | መስዋዕተ ቅዳሴ ምስ ደናግል ቅ. ሓና | ኣኼባ ቤት ምኽሪ ምእመናን |
| 15 ሚያዝያ | | | ኣኼባ ምስ ጳጳስ ኣርሊንቶን | |
| 16 ሚያዝያ | | | ኣኼባ ምስ ሊቀ ጳጳሳት ዋንሽግቶን | |
| 17 ሚያዝያ | ቅዱስ ዮሴፍ ኮሎምቦስ- ኦሃዮ | ኣባ ወልዲት ተስፋዝጊ ካህን ር.ኤ. ኣሥመራ | • ቆሞስ ምስ ቤት ምኽሪ ምእመናን ተቐቢሎምዎም። | |
| 18 ሚያዝያ | | | • ኣኼባ ምስ ጳጳስ ኮሎምቦስ | |
| 19 ሚያዝያ | | | • ምብጻሕ ማሕበር ኮምቦኒ ኣብ ሲንሲናቲ | |
| 20 ሚያዝያ | | | ኣኼባ ምስ ቤት ምኽሪ ምእመናን | |
| 21 ሚያዝያ | | | መስዋዕተ ቅዳሴ ኣብ ኮሎምቦስ ምስ ሕዝቢ | ካብ ኢንድያናፖሊስ፤ ሲንሲናቲ፤ ደይቶን'ውን ኣብቲ ቅዳሴ ተሳቲፎም፡ ናይ ቢዛንታይን ቆሞስ'ውን ብሓባር ቀዲሶም። |
| 22 ሚያዝያ | | | ሰበኻዊ ቤት ጽሕፈት ስብከተወንጌል በጺሖም | |
| 23ሚያዝያ | | | መልእኽቲ በዓለ ትንሣኤ 2024 ከሰናድዉ ውዒሎም | |
| 24 ሚያዝያ | ንሮማ ተመሊሶም | | | • ዕለት 25 ሰዓት 8:00 ንሮማ ኣትዮም።ንምሸቱ ብመንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ናብ ኤርትራ ተበጊሶም። |
| 26 ሚያዝያ | | | ብሰላም ንሃገሮም ተመሊሶም | • ቀዳም ዊኢሎም ሰንበት ሆሳዕና ኣብ ር. ኢኪዳነ ምሕረት ንሕዝቢ ቀዲሶም። |

# ዜናን ንጥፈታትን ርእሰ ኤጳርቅና

## ዓመታዊ ክብረ በዓል ቅዱስ ዮሴፍ ነፋሲት

ዓመታዊ ክብረ በዓል ቅዱስ ዮሴፍ ነፋሲት፡ ብ 04 ሚያዝያ 2024 (26/03/16) ውሉደ ክህነትን ምእመናንን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ብክብ ዝበለ ስነ- ስርዓት ተባዒሉ። ብድሮ ያሬዳውያንን ካህናትን ብጥዑም ዜማ ክውድሱ ኣምስዮም። እቲ ብለይቲ ዝጀመረ ማኅሌት ድማ ክሳዕ ግዜ መስዋዕተ ቅዳሴ ቀጺሉ።
ናይ ዕለቱ ክብረ በዓል ከኣ ብክቡር ኣባ ቶማስ ነጋሽ ብዝምራሕ መስዋዕተ ቅዳሴ ጀሚሩ። ድሕሪ ዑደት ከኣ ክቡር ኣባ ቶማስ ነጋሽ ዋና ጸሓፊ ካ.ቤ.ር.ኤ.ኣ ኣብ ዘስምዕዎ ናይ ዕለቱ ቃለ-እግዚኣብሔር፡ ኣብ ቅዱስ ወንጌል ቅዱስ ዮሴፍ ከምዚ ቢሉ ተዛሪቡ ዚብል ኣይንረክብን ግና ዓቢይ ቅዱስ ምዃኑ ከኣ የገርም። ምሥጢር ቅድስናኡ ብውሽጣዊ ስቕታኡ እዩ። ስቕታኡ ኣፋኣዊ ስቕታ ጥራሕ ኣይነበረን። እቲ ንዘመንና ዘድልየና ዘሎ ከኣ እዚ ህድኣት፡ እዚ ጽን ምባል፡ እዚ ዝግ ምባል እዩ። ክልተ ዓይነት ሱቕታ ማለት፡ ሰብኣውን መንፈስ'ውን ሱቕታ ኣሎ። ሰብኣዊ ስቕታ ነቲ ዝወሃበና መልእኽቲ ክንርዳእ ይሕግዝ። ኣብ ኅብረተሰብና ተዛራባይ ምዃን፡ ኣፍ ዝገብረልካ ሰብ ኣይፍቶን'ዩ። ብዓይኒ ስነ ልቦና'ውን ብብዝሒ ዝዛረብ ንርእሱ ክስማዕ እምበር ንካልኦት ዘይሰምዕ፡ ንደገ ጥራሕ ዚዛረብ ሰብ፡ ንነፍሰ ምክልኻል ዝጥቀመሉ፡ ኣብ ውሽጡ ጸገም ዘሎዎ ሰብ'ዩ ተባሂሉ ኢዩ ዝግለጽ። በዚ ድማ እዩ ቅዱስ ያዕቆብ ሓዋርያ ". . . ነፍስወከፍ ሰብ ንምስማዕ ቅልጡፍ፡ ንምዝራብ ደንጓዪ. . . ይኹን" ዚብለና። ንቅዱስ ዮሴፍ እታ ሰብኣዊት ሱቕታኡ ንድንግል ማርያም ኪሰምዕ፡ እታ መንፈሳዊት ሱቕታኡ ከኣ ንድምጺ ኣምላኽ፡ ንድምጺ መንፈስ ቅዱስ ኪሰምዕ ኣኽኢሉዎ። ሎሚ ኣብዚ ብዙሕ ድምጽታት ዚስምዓሉ እዋን ልዕሊ ኲሉ ንድምጺ ቃል ኣምላኽ ክንስምዕ የድልየና። ቃል ኣምላኽ መግቢ፡ ብርሃን፡ ምጽንናዕ ሕይወትና እዩ። ኣብ ግዜ ፈተና'ውን ኣጽዋርና ንሱ እዩ። ከምኡ'ውን ነዚ ኣብ ዓለም እንሰምዖ ዝጠቅምን ዘይጠቕም ነገራት ከም መንፌት ኰይኑ፡ ንዘድልየናን ዘየድልየናን ፈሊና ክንጥቀመሉ ይሕግዘና። ለባም ውሳነ ናይ ምግባር ክእለትን ጥበብን ከኣ ብሱቕታ ኢና ነጥርዮ። በዚ ከኣ እዩ ኣምላኽ መደቡ ክንፈልጥ "ህድእ በሉ እሞ ኣነ ኣምላኽ ምዃነይ ኣስተብህሉ" እናበለ ብህድኣት ክንካየድ ዝምዕደና ኢሎም።

## ዓመታዊ ክብረ በዓል ደብረ መድኃኔ ዓለም ዓዲ ሽብጢ

ዓመታዊ ክብረ በዓል ደብረ መድኃኔ ዓለም ዓዲ ሽብጢ ብ05 ሚያዝያ 2024 ዓ.ም ብዋዜማ፡ ማኅሌት፡ ብመስዋዕተ ቅዳሴን ዑደትን ብክብ ዝበለ ኣገባብ ተባዒሉ።
ብድሮ ያሬድውያን መዛሙራን ካህናትን ተመሃርትን "ዘበእንቲኣሃ ለቤተክርስትያን ተጸፋዕከ በውስተ ዓውድ . . ."እናበሉ ከዝሙ ኣምሰዩ። ድሕሪ መስዋዕተ ቅዳሴን ሥርዓተ ዑደትን ከኣ ክቡር ኣባ ኪዳነ ወልደሚካኢል ቆሞስ ማርያም ጽዮን መንደፈራ፡ ነቶም ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝመጹ ነጋድያን ቃል እግዚኣብሔር ኣስሚዖም። ኣባ ኪዳነ ወልደሚካኢል ኣብ ስብከቶም፡ እዚ በዓል'ዚ ኣብ እዋን ጾመ ፵ ኑብዕሎ ስለ ዘሎና፡ ብትክክል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝገበረልና ግብረ ድኅነት ከነስተንትን ምቹእ ግዜ እዩ። እግዚኣብሔር ንሓደ ወዱ ክሳዕ ምብጃው እዩ ኣፍቂሩና። ንሓደ ወዱ ኣይበቐቀልናን። ደቁ ክንከውን ናይ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መስዋዕትነት ኣድለየ። እግዚኣብሔር ማዕረ ክንድ'ዚ ኣፍቂሩና። ቅዱስ ጳውሎስ ነዚ ብምሕሳብ "እቲ ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝነበረ ኣተሓሳስባ ኣባኻትኩም ይሃሉ።ንሱ ብባህርዩ ኣምላኽ እኳ እንተኾነ ነቲ ምስ ኣምላኽ ዝነበሮ "ኣይገድፍን"ኢሉ ኣይተኸራኸረን።እንተኮነ ሰብ ብምዃን መልክዕ ባርያ ብምውሳድ ብገዛእ ፍቓዱ ንርእሱ ድኻ ገበረ። ንርእሱ ትሕት ብምባል ክሳዕ ሞት እረ እኳ ድኣ ክሳዕ ኣብ መስቀል ሙማት ተኣዘዘ"ይብለና። ክርስቶስ ወላ'ውን እንተ ሞተ ተዓዊቱ'ዩ። ጸልማት'ውን እንተከበቦ ናብ ብርሃን ዓወት በጺሑ'ዩ። ንሕና'ውን ናቱ ኣተሓሳስባ እንተሎና ተዓዊትና ኢና። እቲ ንኣና ዝግባእ መስቀል፡ ንኣና ክጥዕመና ንሱ ተሸኪምዎ፡ እቲ ኣባና ዘሎ ፍቕሪ ካብ ሰማይ ኣውሪዱ ክሳዕ ሞት ኣብጺሕዎ። ንሕና ከኣ ሎሚ ከም ደቁ እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ክህልወና ንካልኦት በጀ ክንከውን ኢና ንጽዋዕ ዘሎና። ኣተሓሳስባ ክርስቶስ "ከምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም መሓሪ ዝኮነ መሓርቲ ኩኑ"፡ "ንስኻትኩም ከኣ ቅዱሳት ኩኑ፡ ፍጹማት ኩኑ"ዝብል'ዩ። ኣብዚ ከብጽሓና'ዩ ኣብ መስቀል ዊዒሉ። ንሕና ከኣ ብዘይ ቅድስና ንእግዚኣብሔር ክንርኢ ስለ ዘይንክእል፡ ንኣይ ይጥኣመኒ ሓሳበይ ይቐድም ዝብል ኣተሓሳስባ ኣርሒቕና ንክርስቶስ ከርኢ ዚክእል ሕይወት ይሃበና። እግዚእትነ ማርያም'ውን ኣብዚ ናይ ወዳ ስቃይን መከራን ተሳቲፉ፡ ንሕና'ውን ከምኣ እሙናት ተከተልቱ ክንከውን፡ መሓርቲ ክንከውን ትዕድመና ኣላ፡ ብምባል ብሩኽ በዓል ተመንዮም ስብከቶም ዛዚሞም ብእግዚኦታን ቡራኬን ከኣ እቲ ክብረ በዓል ተፈጸመ።

## ዓውደ መጽናዕቲ ንመማህራን ትምህርቲ ክርስቶስ

መማህራን ትምህርቲ ክርስቶስ ኣብ ኣገልግሎት ቤተክርስትያንን ስብከተወንጌልን ዘሎዎም እጃም ዓቢይ እዩ። ነቲ ዝተቐበልዎ ጸዋዕታን ሓላፍነትን ምእንቲ ብዝተሓደሰ መንፈስን ልዑል ወንን ክገብርዎ ከኣ ብቀጻሊ መነቓቕሒ ስልጠናታትን ዓውደ መጽናዕትታን ክወሃቦም ግቡእ'ዩ። በዚ መሠረት ንመንፈሳዊ ሕይወቶምን ተልእኮኦምን ንምብርታዕ፡ ብ6 ሚያዝያ 2024 ዓ.ም፡ ኣብ ኣዳራሽ ብፁዕ ገብረሚካኤል ርእሰ ኣድባራት ኪዳነምሕረት፡ ናይ ሓደ መዓልቲ ክልተ ኣስተምህሮ ዘኣንገደ ዓውደ መጽናዕቲ ተዋሂብዎም።

ነዚ ዓውደ መጽናዕቲ ብጸሎት ከፈቶም፡ መክፈቲ ቃል ዘስምዑ ዋና ጸሓፊ ካ.ቤ.ር.ኣ.ኤ ክቡር ኣባ ቶማስ ነጋሽ ብመዝሙር ዳዊት 23: "ሕያዋይ ጓሳ" ከምኡ'ውን ወንጌል ሉቃስ 1:46 "ጸሎት ምስጋና ማርያም" ተቐባቢልና ጸሊና:

ክርስቶስ እቲ ሕያዋይ ጓሳ ዘይታኽስ ሓላዊና ምሳና ካብ ኮነ እንታይ ኣሎ ዘስግኣና: ንሱ  እሙን እዩ ኩነታት እንተ ጸንከረ: መንገዲ እንተ ጸልመተ: እግዚኣብሔር ምሳና እዩ'ሞ ዘፍርሃናን ዘሰክፈናን የብልናን "ኣብ ቤትካ ንዘለዓለም ክነብር እየ" እናበልና ምስ ማርያም ሓቢርና "ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ መንፈሰይ ከኣ ብኣምላኸይ: በቲ መድኃንየይ ባህ ይብሎ" እናበልና እቲ እግዚኣብሔር ዝገበረልና እናዘከርና  ብምስጋና ናብ ቅድሚኡ  ንቕረብ። ሎሚ እምበኣር ካብቲ ናይ ካልእ ጊዜ ፍልይ ዝበለ መደብ ክኽውን እዩ: ማለት ኣብዚ ብርቱዕ ናይ ድሕነትና ሚስጢር እነስተንትነሉ እዋን ኢና ዘሎና ስለዚ ምስ ርእስና ኢና ክንሰርሕ። እቲ ኣርእስቲ ናይ ትምህርትና ከም ዝሕብሮ ለውጢ ሕይወትን  ሕይወት ጸሎት እዩ።

ለውጢ ሕይወት ብጸሎት እዩ ዝመጽእ: ትርጉም ሕይወትናን ምንባርናን ከኣ ጸሎት እዩ። ስለዚ ንርእስና ምስኮና ኢና ንኻልኦት ክንከውን ንኽእል እሞ ነዚ ተዋሂቡና ዘሎ ዕድል ንጠቀመሉ ብምባል ሰናይ ምንዮቶም ገሊጾም።



ኣብቲ ቀዳማይ "ለውጢ ሕይወት' ዚብል ኣስተምህሮ: ኣወሃሃዲት ክፍሊ ሓዋርያዊ ተልእኮ ካ.ቤ.ር.ኤ.ኣ እናቴ ዘውዲ ኪዳን፡ ንለውጢ ሕይወት (conversion) ዚብል ሓሳብ ኣብነት ሕይወት ቅዱስ ጳውሎስን፡ እቲ ኢየሱስ ነቶም ግቡዛት መማህራን ሕግን ፈሪሳውያንን "እንተ ዘይተመለስኩም ከም ሕጻናት'ውን እንተዘይኮንኩም ናብ መንግስተ ሰማያት ከቶ ከምዘይትኣትዉ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ"፡ዝበሎም ሓሳብ ጠቂሰን እንኪገልጻ፡ ለውጢ ሕይወት ንኹሉ ሕይወት ዘሎዎ ፍጡር ናይ ዕቤትን ጽባቐን እዋን እዩ። ለውጢ ማለት ከኣ - ምምላስ፡ ምጥዋስ፡ ትኽደሉ ዝነበርካ ወይ ናብቲ ጠሊምካዮ ዝነበርካ ቅኑዕ መንገዲ ምምጻእ፡(ጥፉእ ወዲ) ካብ ናይ ዓለም/ሓጥያት ኩነት ናብ ክብርኻ ምምላስ እንኪኾውን፡ ምልዋጥ፡ ምቕያር ከኣ፡ ትኣምነሉ ዝነበርካ ምግዳፍ፡ ካብ መታለሊ ዓለማዊ ሕይወት ናብ ሓቀይና ናይ እምነት ሕይወት ምምላስ፡ ካብ ሓጥያት ናብ ንስሓ ምእታው ማለት ኢዩ ኢለን።

ቀጺለን ንለውጢ ናይ ኣተሓሳስባ እንከብርሃ ከኣ፡ ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ "እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ፍጹምን ዝኾነ ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ መርምሪኩም ክትፈልጡ ኣእምሮኹም ብምሕዳስ ተለወጡ፡ እምበር ነዛ ዓለም እዚ ኣይትምሰሉዋ"። "ነቲ ቀደም ትነብሩሉ ዝነበርኩም ብኽፉ እትምኒት ዝተበላሸወ ኣረጊት ሰብነትትኩም ቀንጥጡ፡ በተሓሳስባኹም'ውን ተሓደሱ"።ዚብሎ፡ኣቦና ር.ሊ.ጳጳሳት ፍራንቸስ'ውን ኣብታ ናይ ጾመ 40 መልእኽቶም፡ "ኣምላኽ ብሓጥያትናን ብድኻምነትናን ኣይርብርብን እዩ፡ ነታ ንሕና ንምለሰላ ሰዓት እዩ ዝጥምት' ዚብል'ውን ጠቂሰን፡ ካብ ሓደ ኣረጊት ኣተሓሳስባ ወጺእካ ሓድሽ ኣነባብራ ሕይወት ምጅማር እዩ ዘስምዕ'ውን ኢለን። እናቴ ንናይ ስምዒት ለውጢ ኣመልኪተን፡ ሓዘን፡ ቃንዛ ናይ'ቲ ዝገበርካዮ ሓጥያት ክስምዓካ ከሎ ኢዩ።ገለ ጊዜ ሰባት ናይ ሓጥያት ክብደት ይስምዮም፡ ይነብዑ፡ ይቑዙሙ፡ ንርእሶም ስለ ዝተጎድኡ፡ ስሞም ስለ ዝኸፍኣ ብዙሕ ይሓዝኑ ደኣምበር ንኣምላኽ ስለ ዘሕዘኑ ኣይኮኑን። እዚ እቲ ሓቀይና ሓዘን ኣይኮነን። ነቲ ቅዱስ ጳውሎስ ንሰብ ቆላስዩስ "ሕጂ ግና ንስኻትኩም ካብ ቁጥዓ፡ ካብ ሕርቃን፡ ስም ሰብ ካብ ምጽላም፡ ካብ ክፍኣት፡ ካብ ዘጸይፍ ዘረባ ዘበለ ኩሉ ረሓቑ። ነቲ ኣረጊት ሰብነትትኩም ምስ ኩሉ ግብሩ ቀንጢጥኩም ደርብዩዎ" እናበለ ዝመሃሮም ጠቂሰን ከኣ ካብ'ቲ ንመልኽዕና ደዊንዎ ዘሎ ስንፍና ክንላቐቕን፡ ዕላማ ለውጡ ሕይወት ቅድስና ምዃኑን ብሰፊሑ ኣስተምሂረን።

ካልኣይ ኣስተምህሮ "ሕይወት ጸሎት" ዚብል ኣቶ ግርማይ ኣስፍሃ ዝቐረበ ነበረ። ኣቕራቢ ኣብ እዋን ጾመ ፵ ኣብ እዋን ጸሎት፡ ጾምን ለውጢ ሕይወትን ኢና ዘሎና። ሕይወትና ከኣ ብጸሎት እዩ ዚልወጥ፡ ጸሎት ንትርኢት ሙሴ ንትርኢት ኢየሱስ'ውን ለዊጡ፡ እንተተለማሚድናዮ ንሕይወትና'ውን ኪልውጥ ይኽእል ኢዩ። ኣብ ጸሎት ፍሉይ ሓይሊ ኢዩ ዘሎ። ጸሎት ዘይከኣል ምእንቲ ኪከኣል፡ ዘይከውን ምእንቲ ኪኸውን፡ ዘይክፈት ዝኸፍት መፍትሕ ኢዩ። ጸሎት ዓቢይ ኣጽዋር ኢዩ።በዚ ከኣ እዮም ኣቦታትና 'ካብ ሓይሊ ኣምበሎት ሓይሊ ጸሎት' ዝብሉ ቢሉ ናብቲ ጸሎት እንታይ ኢዩ ብኸመይ ኢናኽ ክንጽሊ ዘሎና ዚብል ቀዳማይ ሓሳብ ትምህርቱ ኣተወ። ቀደም ትምህርተ ክርስቶስ ክንመሃር ከሎና፡ ሕጂ ከኣ ክንምህር ከሎና እንደግሞ እቲ መሰረታዊ ትርጉሙ፡ጸሎት ጸሎት ማለት "ምእንቲ ከነመስግኖ፡ ምእንቲ ክንለምኖ፡ ነፍስና ናብ እግዚኣብሔር ምዕራግ ማለት እዩ። ካልእ ተወሳኺ መግለጺ'ውን ካብ ቅዱስ መጽሓፍን ብሂል ቅዱሳንን ካን ዘንበብናዮም ናይ መንፈሳውነት መጽሕፍትን ተመኩሮ ሕይወትናን ክንውስኽሉ ንኽእል። ኣብ መዝገበ ሃይማኖት ከኣ ብሰፊሑ ኣብቲ ራብዓይ ክፍል ብሰፊሑ ተገሊጹን ኣሎ።ጸሎት ናብ እምነት ዘእቱ ዓቢይ ኣፍደገ እዩ። ጸሎት ማለት ሓሳብካን ልብኻን ናብ ኣምላኽ ገጽካ ምልዓል ኢዩ።ጸሎት ሓደ ሰብ ብጸሎት ዝቕበሎ ህያብ ኣምላኽ ኢዩ።ጸሎት ኪዳን፡ ሱታፌ ኢዩ። ጸሎት ምስ እግዚኣብሔር ምውህሃድ/ምዝርራብ ኢዩ።ጸሎት ልብኻ ገሊህካ  ንኣምላኽ ምሃብ ኢዩ። ጸሎት ናይ ውሽጢ ጽምኢ ኢዩ።ጸሎት ናይ ሰላም ምንጪ ኢዩ።ጸሎት ንኢየሱስ ምትንካፍ ኢዩ። መንፈሳዊ መፍትሕ ናይ ጸገማትን፡ኣመንቲ ንኣምላኽን ንመደቡን ብቐረባ እንፈልጠሉን ተስፋታት ኣምላኽ ኣባና ዝፍጸመሉን ኢዩ። ብሓፈሻ ጸሎት እስትንፋስ እዩ- ሕይወት ኢዩ። ትንፋስና ከኣ ኩሉ ግዜ ኣሎ። ሓደ ሓደ ግዜ የተንፍስ ሓደሓደ ግዚ ከኣ ከየተንፈስኩ ሱቕ ይብል ክንብል ከምዘይንኽእል፡ ክጥዕመኒ/ክስምዓኒ እጽሊ . . . ክንብል ኣይንኽእልን። ጸሎት ናይ ስምዒት ጉዳይ ዘይኮነስ ናይ እምነት ጉዳይ ኢዩ ኢሉ።

ቀጺሉ ኸኣ ንምንታይ ኢና ንጽሊ፧ ኢየሱስ ዝዓበየ ሞደል ሕይወት ጸሎት፡ እግዚእትነ ማርያም መምህር ጸሎት፡ ብከመይ ኢና ንጽሊ፧ ምሥጢር ጸሎት እንታይ ኢዩ፡ ቖንዲ ሓሙሽተ ዓይነት ጸሎት ኣየኖት እየን፧ክንደይ ሰዓት ኢና ክንጽሊ ዘሎና፧ ዘይግባእ ኣጸላልያ ከመይ ዝበለ ኢዩ፧ ናይ ጸሎት ዕንቅፋታት/መኸላእታት እንታይ እንታይ እዮም፧ጸለይቲ ሰባት ክንከውን ንደሊ ዶ፧ጸለይቲ ክንከውን ክንወስዶ ዘለና ስጉምታት እንታይ ኢየን፧ሓይሊ ጸሎት ሎሚውን ይሰርሕ ኢዩ! ጸሎትስ ይጽለ ኣሎ/ኣይወሓደን ብቕዓቱ'ኸ እንታይ ይመስል፧ ጸሎትና ከይሰርሕ እንታይ ኢዩ ዚኃድሎ ዘሎ? ካብ ምጭናቕ ምጽላይ! ንዝብሉ ንኡሳን ኣርእስታት ተንቲኑ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ሎሚ ዘድልየና ዘሎ ብዛዕባ ጸሎት ምምሃር ዘይኾነ፡ ጸሎት ምግባር ክንመሃር ኢዩ ዘድልየና ዘሎ እሞ፡ መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ ጸሎት ምግባር ይምሃረና ብምባል ዛዚሙ።

## ዓውደ-ዘተ ንምስንዳው ጒዕዞ ዓለምለኻዊ ሲኖዶስ ጳጳሳት 2024

መበል 16 ስሩዕ ዓለምለኻዊ ሲኖዶስ ጳጳሳት፡ ከምቲ ብፁዕ ወቅዱስ ርእሰ ሊቃነጳጳስት ኣባ ፍራንቸስኮስ “ብሓባር ንእትጒዓዝ (ሲኖዶሳዊት) ቤተክርስትያን ኅብረት፡ ተሳትፎ፡ ተልእኮ” ብዝብል መሪሕ-ሓሳብ ኪካየድ ዝኣወጅዎ፡ ካብ ጥቅምቲ 2021 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኽ ጒስጓስን ዘተን መጽናዕትን፡ እቲ ቀንዲ ፍጻሜ ቀዳማይ ገጽ ሲኖዶስ ድማ፡ ካብ 30 መስከረም ብዝጀመረ ሱባኤ፡ ካብ 7 ክሳዕ 29 ጥቅምቲ ብዘተን ኣስተንትኖን ኣብ ሮማ ተኻይዱ። ኣብዚ ሲኖዶስ'ዚ ካብ መላእ ዓለም፡ ቅድስቲ መንበር ዝዓደመቶም ጳጳሳት፡ ካህናት፡ ሰብውፉይ ሕይወት፡ ምእመናን ሓቢሮም ጸልዮምን ዘትዮምን፡ ጽማቕ ፍረ ዘተኦም ከኣ ብመልክዕ ጸብጻብ ናብ መላእ ዓለም ተዘርጊሑ። ንቤተክርስትያን ኤርትራ ወኪሎም ኣብቲ ሲኖዶስ ዝተሳተፉ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ዘመንበረ ኣሥመራ ድማ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕዳር፡ ታሕሳስን ጥርን፡ ኣብ ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራን ኣብ ሠለስቲኤን ኤጳርቅናታትን ብዛዕባ'ቲ ዝተኻየደ ሲኖዶስ ሰሕፊ መግለጺ ከምዝሃቡ'ውን ይፍለጥ።

እቲ ካልኣይ ገጽ ሲኖዶስ ድማ ኣብ ጥቅምቲ 2024 ኪካየድ እዩ። ነቲ ናይ ቀዳማይ ገጽ ሲኖዶስ ጳጳሳት ጽማቕ ጸብጻብ መሠረት ዝገበረ፡ ካብኡ ንዝወጹ መዛተዩ ነጥብታት ሓሳብን ትዕዝብትን ንምሃብ፡ ብሃገራዊ ተጸዋዒ ንምስንዳው ዓለምለኻዊ ሲኖዶስ ጳጳሳት ስለዝተሓተተ፡ ካብ መላእ ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ ዝመጹ ቆሞሳት፡ ተጸዋዕቲ ሲኖዶስ፡ ወከልቲ ሰብውፉይ ሕይወት፡ ኣብያተ ምኽሪ ምእመናን፡ መንእሰያት፡ መማህራን ትምህርቲ ክርስቶስ፡ መንፈሳውያን ማኅበራትን ምንቅስቓሳትን፡ መማህራን ትምህርተ መለኮትን ተቐዋማትን ዚርከብዎም 85 ሰባት ዝተሳተፍዎ፡ ናይ ፍርቂ መዓልቲ ዓውደ-ዘተ ብቀዳም 20 ሚያዝያ 2024 ዓ.ም ኣብ ዓቢይ ኣዳራሽ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ተኻይዱ።

ኣብ መኽፈቲ እቲ መደብ፡ ተጸዋዒ ሲኖዶስ ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ ክቡር ኣባ ቶማስ ነጋሽ ንተሳተፍቲ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ ነቲ ርእሰ ሊቃነጳጳሳት ፍራንቸስኮስ ኣብ ምጅማር እዚ ጉዕዞ ሲኖዶስ “እግዚኣብሔር ኣምላኽ ካብ'ዛ ናይ ሣልሳይ ሺሕ ቤተክርስትያን ዚጽበዮ፡ እዚ ናይ ሓባር ጒዕዞ (ሲኖዶስ) መንገዲ እዩ” ዝበልዎ ቃል ኣዘኻኺሮም፡ ኣብዚ ዝሓለፈ እዋን ንሲኖዶስ ዚርኢ ብዙኅ ስርሓት ተኻይዱ ኣሎ፡ እቲ ቀዳማይ ገጽ ተፈጺሙስ ናብቲ ካልኣይ ገጽ ንኸይድ ኣሎና። እሞ ኸ ንጒዕዞ ሲኖዶስ ክንነብሮ ጀሚርና ዶ? እዚ ሲኖዶስ'ዚ ምሕዳስ ከምጽእ ኣለዎ፡ ምሕዳስ ከኣ ካብ ውልቃዊ ምሕዳስ እዩ ዚብገስ። ካብታ ቤተክርስትያን ዘቤት ዝተሰምየት ሥድራ ጀሚሩ ብቑምስና ኮነ ብርእሰ ኤጳቅና እናዓበየ ኪኸይድ ይግባእ። ኣሰር ከኣ ኪገድፍ ኣሎዎ። እዞም ሎሚ ንቊምስናታትን ገዳማትን ማኅበራትን ተወኪልና መጺእና ዘሎና፡ ኣብ ጉስነት ቊምስና መሪሕ ተራ ዘሎና ሰባት ስለዝኾና፡ እዚ ሲኖዶስ'ዚ ንሲኖዶሳዊነት ክንነብሮ ኪሕግዘና ብዕቱብ ክንሰርሓሉ ይግባእ ኢሎም።

ኣስዒቦም ሃገራዊ ተጸዋዒ ሲኖዶስ ክቡር ኣባ ማስያስ ኣርኣያ “ከመይ ቢልና ኢና ብዝያዳ ኣብ ተልእኮ ዝተጸምደት ሲኖዶሳዊት ቤተክርስትያን እንኾውን” ብዝብል ኣርእስቲ፡ ናይቲ 20 ምዕራፍን ሠለስተ ክፋልን ዘሎዎ፡ ናይ መበል 16 ስሩዕ ዓለምለኻዊ ሲኖዶስ ጳጳሳት ቀዳማይ ገጽ ጽማቕ ጸብጻብን፡ ሕጂ ካባና ዝሕተት ዘሎ ስራሕን ዚርኢ መግለጺ (ኣስተምህሮ) ሂቦም። ኣባ ማስያስ ነቲ ዝተሓለፈ መስርሕ ሲኖዶስን ተሪፉ ዘሎ ዕማምን እንኪገልጹ፡ ተጋባእቲ ቀዳማይ ገጽ ሲኖዶስ ኣብ ነፍስወከፍ ምዕራፍ ናይቲ ጸብጻብ ዝተሰማምዕሉ፡ መጽናዕቲ ዜድልዮ፡ ከምኡ'ውን እማመታት ሰሪዖም ቀሪቦምልና ኣሎዉ። እዚ ከኣ ኣብ ሓድሽ ኪዳን፡ ኣብ ቀዳመይቲ ቤተክርስትያን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ሥርዓትን ታሪኽን ቤተክርስትያን፡ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ቫቲካን፡ ኣብ ህሉዊ ኩነታትን ኣብቲ



ናይ ርእሰ ሊቃነጳጳሳት ፍራንቸስኮስ ናይ 2021-2024 ናይ ሲኖዶስ መግለጺታትን ዝተመርኰሰ እዩ። ከምቲ ርእሰ ሊቃነጳጳሳት ደጋጊሞም ዚብልዎ ዘሎዉ፡ ሲኖዶስ ብዛዕባ ብሓባር ምጒዓዝ (ሲኖዶሳዊነት)፡ ብሓባር ዘተን ኣስተንትኖን መርመራ ሕሊናን ምግባር ደኣ እምበር፡ ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ'ዚ ወይ ብዛዕባ እቲ ኣርእስቲ እቲ ኣይኮነን። እቲ ዝተኻየደ ሲኖዶስ ከኣ ተሳተፍቲ “እቲ ብጽሞናን ብጸሎትን፡ ብምስማዕን ብምብህሃልን ዝተኻየደ ሲኖዶስ ኣኅዋትን ኣኃትን ብክርስቶስ ምዃና፡ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝተሠረተ ብታሕጓስ ግን ከኣ እንኅሕንሳእ ዘቀንዙ ርክባት ዝነበሮ፡ መንነትና ከም እሙናት ሕዝቢ ኣምላኽ ኣብ ውሽጢ ነፍስወከፍና ብጥምቀት ዝሰረጸ ክብሪ ዝለበሰና፡ ነፍስወከፍና ከኣ በብቲ ዝተዋህበና ህያባት፡ ብዝተፈላለየ ጸዋዕታ ነቲ ናይ ስብከተወንጌል ሓበራዊ ተልእኮ ከነካይድ ከምዝተጸዋዕና ዓሚቝ ርድኢት

ክህልወና ክኢሉ፡ እዚ ከኣ ኣብ ኩላትና ኪቅጽል ዘለዎ እዩ” ቢሎም ክምስክሩ ኣኺሉዎም።
ኣባ ማስያስ መግለጺኦም ብምቅጻል፡ ብቅድስቲ ሥላሴ ዝተኣከብናን ዝተለኣኽናን፡ ኣብ ልዕልና ጸጋ ምእማን፡ ብመንፈስ ቅዱስ ምብህሃል፡ ክፉትነትን ምሕዝነትን፡



ከምኡ’ውን ኣብ ከባብያዊት ቤተክርስትያን ዚካየድ ሲኖዶሳዊ ሕይወት ንዝብሉ ንኡሳን ኣርእስትታት ናይቲ ሰነድ ዝኣክል መግለጺ ብምሃብ ኣስተምህሮኦም ዛዚሞም። ቀጺሉ ብመሠረት መርሓ - ግብር ናይቲ ዕለት፡ እቶም ኣቐዲሙ ንዝተዋህቦም መወክስን መጋበርን ጽሑፋት ኣንቢቦም፡ ንዝወሃብ ሓሳብን መምርሕን ብዚግባእ ተረዲኦም፡ ኣበርክቶኦም ክህቡ ዝመጽኡ 85 ተሳተፍቲ፡ ኣብ ትሸዓተ ጉጅለታት ዘተ ኮይኖም፡ ብዛዕባ እቲ ንቤተክርስትያን ሃገርና የገድስ እዩ ተባሂሉ ዝተመርጸ ናይቲ ሰነድ አርእስትታት ዘትዮም። እቲ ሕቶታት ናይቲ ዘተ ካብተን ብቤተክርስቲያን ሃገርና ዝተመርጸ፡ ሲኖዶሳውነት፡ ተመክሮን ርድኢትን፡ ድኻታት እቶም ኣብ ጒዕዞ ቤተክርስትያን ቀንዲ ተዋሳእቲ ኣካላት፡ ቤተክርስትያን ልእኽቲ እያ፡ ንመጓሰ ጽን ኢላ ናብ እትስምዕን እተሰንን ቤተክርስትያን ገጽና፡ ተልእኮ ስብከተወንጌል ኣብ ዲጂታላዊ ዓለም ካብ ዝብል ምዕራፋት ዝተዋጽአ እዩ። እቶም ንካህናት፡ደናግል፡ ምእመናን ብዝውክል ኣገባብ ዝቆሙ ትሸዓተ ጉጅለ ናይቲ ዘካይድዎ ዓሚቝ ዘተ ጸብጻብ ብጽሑፍ ምስ ኣቕረቡ፡ እቲ ዓውደ-ዘተ ብናይ ኣሰናደዊ ኮሚቴ ሓፈሻዊ ለበዋታትን ቃል ምስጋናን ተዛዚሙ።
ነዚ ዝተኣከበ ሓሳባት ከኣ ርእሰ ኤጳርቅናዊ ኮሚቴ ንጒዕዞ ዓለምለኻዊ ሲኖዶስ ጳጳሳት፡ ኣብ ቐረባ መዓልታት ጠርኒፉን ኣጻፊፉን ናብ ሃገራዊ ተጸዋዒ ኮሚቴ ምስንድው ሲኖዶስ ከቕርቦ እዩ። ተጸዋዒ ሃገራዊ ኮሚቴ ንምስንድው ሲኖዶስ ኸኣ፡ ነቲ ኣብ ጥቅምቲ 2024 ዓ.ም ዚካየድ 2ይ ገጽ ሲኖዶስ ጳጳሳት ኣበርክቶ ቤተክርስትያን ሃገርና ጠርኒፉ ከቕርብ እዩ።

## ስእላዊ መግለጺ ሓውጾተ ኖላዊ
## ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም  ዘመንበረ ኣሥመራ ኣብ ኣመሪካን ካናዳን









